# ህዝቢ ካብ ተላባዲ ሕማም ኮረናቫይረስ (COVID 19) ንምክልኻል ዝወፀ ድንጋገ ህፁፅ እዋን ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ቁፅሪ 1/2012

ኣብ መላእ ዓለም ኢጋጢሙ ብዘሎ ተላባዲ ሕማም ኮረናቫይረስ (COVID 19) ህልውናን ድሕንነት ህዝቢ ዓለም ኣብ ሓደጋ ወዲቑ ስለ ዝርከብን ከም ውፅኢቱ ድማ ውድብ ጥዕና ዓለም ነዚ ሕማም ዓለም ለኻዊ ስግኣትን ተላባድን ኢሉ ኣዊጅዎ ስለ ዘሎን፤

ተላባዲ ሕማም ኮረናቫይረስ ካብ እዋን ናብ እዋን ሽፋኑ እናሰፍሐን ኣብ ሂወት ደቂ ሰባት ዘብፅሖ ጉድኣት እናዓበየን ይኸይድ ብምህላዉ መንግስቲ ንህዝቢ ካብ ዝኾነ ሓደጋን ከምዚ ዝበለ ተላባዲ ሕማምን ናይ ምክልኻል ሓላፍነት ስለ ዘለዎን፤

እዚ ተላባዲ ሕማም ናብ ኢትዮጵያ ዝኣተወ ኾይኑ ኣብ ውሱን ክባብን ሰብን ክይተሓፀረ ብቐፃሊ ክላበድን ዓብይ ጉድኣት ክስዕብን ከም ዝኽእል ኣብ መንግስትን ህዝብን ስግኣት ስለ ዘሎ፤

እዚ ተላባዲ ሕማም ክሳብ ሕዚ ሕክምና ዘይተረኸቦ ኮይኑ ብቐንዱ ምምካት ዝክኣል ኣብ ምክልኻል ዘድሃበ ሰፊሕ ስራሕ ብምስራሕ ስለ ዝኾነ፤ ኣብ ኣብዚ እዋን ኣብ ክልልና ዘሎ ምንቅስቓስን ርክብን ሰባት እዚ ሕማም ብቐሊሉ ንኽስፋሕፋሕ ዝምቹ ብምዃኑ ቀልጢፉ ብሕጊ ክስተኻኸል ስለ ዘለዎ፤

መንግስቲ ኣብ ስራሕ ዘለዉ ስሩዕ ሕግታት ተጠቒሙ ህዝቢ ካብዚ ተላባዲ ሕማም ንምክልኻል ዘለዎ ዕድል ፀቢብ ብምዃኑ ምውዓእ ድንጋገ ህፁፅ እዋን ኣገዳሲ ኮይኑ ስለ ዝረኸበ፤

ብመሰረት ዓንቀፅ 93 ንኡስ ዓንቀፅ (1) ፊደል (ለ) ሕገ መንግስቲ ፌደራላዊት ዴሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኢትዮጵያ፤ ከምኡ እውን ብመሰረት ዓንቀፅ 56 ንኡስ ዓንቀፅ (8)፣ ዓንቀፅ 103 ንኡስ ዓንቀፅ (1) ተመሓይሹ ዝወፀ ሕገ መንግስቲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ቤት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ጥዕና ህዝቢ ካብ ሓደጋ ንምክልኻል ነዚ ድንጋገ ህፁፅ እዋን ኣውፂኡ ኣሎ።

## ክፍሊ ሓደ
## ሓፈሻዊ ድንጋገታት

### 1. ሓጺር ርእሲ

እዚ ድንጋገ "ህዝቢ ካብ ተላባዲ ሕማም ኮረናቫይረስ (COVID 19) ንምክልኻል ዝወፀ ድንጋገ ህፁፅ እዋን ብ/ክ/መ/ትግራይ ቁፅሪ 1/2012" ተባሂሉ ክጥቀስ ይኽእል።

### 2. ትርጉም

ንኣፈፃፅማ እዚ ድንጋገ እንትብሃል፦

1) **"ክልል"** ማለት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዩ።
2) **"ቤት ምኽሪ"** ማለት ቤት ምኽሪ ብ/ክ/መ/ትግራይ እዩ።
3) **"ርእሰ ምምሕዳር"** ማለት ርእሰ ምምሕዳር ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዩ።
4) **"ቤት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ"** ማለት ቤት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዩ።
5) **"ህፁፅ እዋን"** ማለት እዚ ደንቢ ህፁፅ እዋን ተፈፃሚ ዝኾነሉ ንውሓት ግዜ እዩ።
6) **"ኮማንድ ፖስት መኸተ ኮረና ቫይረስ"** ማለት ንኣፈፃፅማ እዚ ድንጋገ ህፁፅ እዋን ብላዕለዋይነት ክመርሕ ተባሂሉ ብመሰረት ዓንቀፅ 7 እዚ ድንጋገ ዝተጣየሸ ኮማንድ ፖስት እዩ።
7) **"መርማሪ ቦርድ"** ማለት ብመሰረት ዓንቀፅ 104 ተመሓይሹ ዝወፀ ህገ መንግስቲ ብ/ክ/መ/ትግራይ ብቤት ምኽሪ ዝጣየሸ መርማሪ ቦርድ እዩ።
8) **"ግብረ-ሓይሊ መኸተ ኮረናቫይረስ"** ማለት ንኣፈፃፅማ እዚ ድንጋገ ህፁፅ እዋን ኣብ ትሕቲ ኮማንድ ፖስት መኸተ ኮረናቫይረስ ዝጣየሸ ግብረ-ሓይሊ እዩ።
9) **"ሴክሬታርያት መኸተ ኮረናቫይረስ"** ማለት ንስራሕቲ ኮማንድ ፖስትን ግብረ ሓይልን ዘመቻቹን ዘሳልጥን ኣብ ውሽጢ ቢሮ ጥዕና ዝጣየሸ ክፍሊ ስራሕ እዩ።
10) **"ኮሚቴ መኸተ ኮረናቫይረስ"** ማለት ንኣፈፃፅማ እዚ ድንጋገ ህፁፅ እዋን ኣብ ትሕቲ ግብረ-ሓይሊ መኸተ ኮረናቫይረስ እትሰርሕ ብብርኪ ዞባ፣ ወረዳ፣ ምምሕዳር ከተማ፣ ክፍለ ከተማ፣ ጣብያ፣ ቁሸት፣ ቀጠና እትጣየሽ ኮሚቴ እያ።

11) "**ኣካላት ፀጥታ ማለት**" ብሓፈሻ ኣብ ትሕቲ ፀጥታን ምምሕዳርን ንዘለዉ ኣካላት ዝምልከት ኮይኑ ንስሩዕ ፖሊስ፣ ትራፊክ ፖሊስ፣ ፍሉይ ሓይሊ፣ ሚሊሻ፣ ምምሕዳር ቤት ህንፀት ዘጠቓልል እዩ።

12) "**ሕጊ**" ማለት ክከም ኣድላይነቱ ሕገ መንግስቲ ፌደራል ወይ ክልል፣ ብፌደራል ወይ ክልል ዝወፀ ኣዋጅ፣ ደንቢ፣ መምርሒ ወይ ካልእ ሕጊ እዩ።

13) "**ትካል**" ወይ "**ቤት ዕዮ**" ማለት ኣብዚ ክልል ኣብ ዝኾነ ብርኪ ዝሰርሕ ዝኾነ መንግስታዊ ይኹን ዘይመንግስታዊ ትካል ኮይኑ ንቤት ምኽርን ቤት ፍርድን እውን ይሓውስ።

14) "**ሰብ**" ተፈጥራዊ ሰብ ወይ ሕጋዊ ሰብነት ዝተውሃቦ ትካል ማለት እዩ።

### 3. ኣገላልፃ ፆታ

ኣብዚ ድንጋገ ብተባዕታይ ፆታ ዝተገለፀ ንኣንስታይ እውን የገልግል።

### 4. ወሰን ተፈፃምነት

1. እዚ ድንጋገ ህፁፅ እዋን ኣብ ኩሉ ከባብታት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ተፈፃሚ ይኸውን፣
2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) ዝተጠቐሰ ሕልው ኮይኑ ኮማንድ ፖስት መኽተ ኮረናቫይረስ እዚ ድንጋገ ብሙሉእ ወይ ብኽፋል ዘይፍፀመሉ ከባቢ ክውስን ይኽእል።

## ክፍሊ ክልተ

## ኣብዚ ህፁፅ እዋን ዝፍፀሙ ግቡኣትን ዘይግደቡ መሰላትን

### 5. ኣብዚ ህፁፅ እዋን ዝተቐመጡ ግቡኣት

1) ዝኾነ ዓይነት ምትእኽኻብ ሰባት፣ ኣኼባ፣ ስልጠና ይኹን ካልእ ተመሳሳሊ ተግባር ኣይፍቀድን፣
2) ኣብያተ ትምህርቲ፣ ዩኒቨርሲታት፣ ኮሌጃት፣ መዋእለ ህፃናት፣ ማእኸላት ስልጠና፣ ህዝባዊ ኣብያተ ንባብ፣ ይዕፀዋ፣
3) ዝኾነ ዓይነት ድግስ ወይ ሰባት ዝተኣኻኸቡሉ ማሕበራዊ ርክብ ከም መርዓ፣ ኩስሚ፣ ክርስትና፣ ተዝካር፣ ምረቓ፣ ዓመት ቆልዓ፣ ገለብ፣ ፀበል፣ ተሃድሶ፣ ብዕሉ፣

ደበስ፣ ምትእኽኻብ እድር፣ ዕቁብ  ወይ ተመሳሳሊ ካልእ ምትእኽኻብ ሰባት ክልኩል እዩ፣

4) ብሕማም ኮረናቫይረስ ዝተጠርጠረ ሰብ ምርመራ ክካየደሉን ኣብ መዕንሒ ቦታ ንኽመጥን ክግደድ ይኽእል፣

5) ተመርሚሩ ኮረናቫይረስ ዝተረኽቦ ሰብ ኣብ መዕንሒ ቦታ ተዓቂቡ ክሕከም ብሰብ ሞያ እንተተእሚንሉ ኣብ መዕቖቢ ቦታ ንኽቕመጥ ግቡእ ኣለዎ፣

6) ኮማንድ ፖስት መኽተ ኮረና ቫይረስ ኣድላይ ኮይኑ እንተረኺብዎን ኩሉ ሰብ ካብ ገዛኡ ንኸይወፅእ ውሳነ እንተመሓላሊፉን ዝኾነ ሰብ ነዚ ውሳነ ክኽብር ግቡእ ኣለዎ፣

7) ብዝኾነ ዓይነት ሚላ መራኸቢ ብዛዕባ ኮረናቫይረስ ዝተዛበዐ ሓበሬታ ምፍናው ክልኩል እዩ፣

8) ኣብ ውሽጢ ትግራይ ካብ ሓደ ከተማ ናብ ካልእ ከተማ፣ ካብ ከተማ ናብ ገጠር፣ ካብ ገጠር ናብ ከተማ፣ ካብ ገጠር ናብ ገጠር ዝግበር ምጉዕዓዝ ወይ ምንቅስቓስ ሰባት ክልኩል ኮይኑ ብፍሉይ ኩነታት ስራሕ ዝህሉ ምንቅስቓስ ሓይልታት ፀጥታ፣ ምምሕዳር፣ ሕክምና ወይ ተመሳሳሊ ትሕዝቶ ዘለዎም ምንቅስቓሳት ብመሰረት ግብረ-ሓይሊ መኽተ ኮረና ቫይረስ ዘውፅእ ኣሰራርሓ ይፍፀም፣

9) ኣብ ዝኾነ ከተማ ወይ ከባቢ ዝካየድ ህዝቢ ዝእከበሉ ሰሙናዊ ዕዳጋ፣ ባዛር፣ ኤግዚቢሽን ክልኩል ይኸውን፣

10) ካብ ካልእ ከባቢ ናብ ትግራይ እንትኣቱ ምርመራ ሕማም ኮረናቫይረስ ክግበረሉ ይግደድ፣ ሓደ ቦታ ምስ ዓረፈ ናብ ካልእ ቦታ ቅድሚ ክልተ ሰሙን ክንቀሳቐስ ኣይኽእል፣

11) ኣብ ኩለን መናሃርያታት ዝኣትዉን ዝወፁን ሰባት ምርመራ ሕክምና ኮረናቫይረስ ይግበረሎም፣

12) ኣብ መእተውን መውፅእን በሪ ከተማታት ምርመራ ሕክምና ኮረናቫይረስ ይካየድ፣ ዝኾነ ሰብ ክምርመር ይግደድ፣

13) ካብን ናብን ሰባት ዝተኣከቡሎም ካምፕታት ዝግበር ምንቅስቓስ ጠጠው ይብል፣

14) ዝኾነ ዓይነት ክልተን ልዕሊኡን ሰባት ዝሳተፉሉ ስፖርታዊ ምንቅስቓስ ክልኩል እዩ፣

15) ማእኸላት መዘናግዒ ማለት እውን ከም እንዳ መስተን ሳዕሲዒትን፡ ማእኸል ሲኒማ ወይ ፊልም፡ ማእኸል ስፖርታዊ ምርኢት፡ ስታድዮም፡ ዲኤስ ቲቪ፡ ማእኸል መዘናግዒ ህፃናት፡ እንዳ ቢንጎ፡ እንዳ ፑል፡ ካራንቡላ፡ ጋላሪ፡ ሙዚም ወይ ተመሳሳሊ ምትእኽኻብ ሰባት ዝፈጥር ማእኸል መዘናግዒ ዕዕው ይኾውን፡

16) ተሃነዕትን ኣብ መዕረፊ ጣብያታት ፖሊስ ዘለዉ ተጠርጠርትን ካብ ደገ ምስ ዝመፅእ ሰብ ምርኻብ ክልኩል እዩ፡ ዝኾነ ዓይነት ካብ ደገ ዝመፅእ ነገር ንውሽጢ ክኣቱ ኣይኽእልን፡

17) ማእኸላት መሕብሐቢ ኣረጋውያን፡ ኣካል ጉዱኣት፡ ህፃናትን ጥዕና ዝስኣኑ ሰባት ካብ ደገ ምስ ዝመፅእ ሰብ ምርኻብ ክልኩል እዩ፡ ዝኾነ ዓይነት ካብ ደገ ዝመፅእ ነገር ንውሽጢ ክኣቱ ኣይኽእልን፡ ሓደሽቲ ሰባት እንተተቐቢሎን ንክልተ ሰሙን ፈልዮን ክቕምጣ ግቡእ ኣለወን፡

18) ኣብ ስነ ስርዓት ቀብሪ ልዕሊ 50 ሰባት ምስታፍ ኣይክኣልን፡

19) ጫት መሸጢ ይኹን መጥቀሚ ቦታ ክልኩል እዩ፡

20) ኣብ ምውፃእ ወይ ኳዕቲ መዓድን ዝተዋፈረ ዝኾነ ሰብ ካብቲ ቦታ ክንቀሳቐስ ኣይኽእልን፡

21) ወሃብቲ ኣገልግሎት ከም ሆቴል፡ እንዳ ምግቢ፡ እንዳ ቁርሲ፡ እንዳ ቡን፡ እንዳ ሻሂ ተገልገልቲ እንተነኣሰ ብሓደ ሜትር ተረሓሒቖም ክቕመጡ ክግብሩን መሕፀቢ ኢድን ሳኒታይዘርን ክቕርቡን ግቡእ ኣለዎ፡

22) ዝኾነ ትካል ንግዲ ወይ ሰብ ሰራሕተኛታቱ ኮነ ተገልገልቱ እንተነኣሰ ብሓደ ሜትር ተፈናቲቶም ክግልገሉ ክገብሩን መሕፀቢ ኢድ ክዳልዉን ግቡእ ኣለዎም፡

23) ዝኾነ ፋብሪካ፡ ኢንዳስትሪ ፓርክ፡ ትካል ኢንቨስትመንት ሕርሻ ጥዕና ሰራሕተኛታቱ ንምሕላው ዘድልዩ ናውቲ መከላኸሊ ሕማም ኮረና ቫይረስ ክቕርብን ክጥቀምን ግቡእ ኣለዎ፡

24) ዝኾነ ሰብ ዘይሕጋዊ ዋጋ ክውስኽ ወይ ሕፅረት ኣቕረቦት ንምፍጣር ንብረት ክሓብእ ኣይኽእልን፡

25) ኣገልግሎት መጓዓዝያ ህዝቢ ዝህባ መካይን ዝምልከት ዘዋርን ሓጋዚኡን ማስክን ጓንቲ ኢድን ክጥቀሙ፡ ሳኒታይዘር ክቕርቡ፡ ኣብ ሓንቲ ወንበር ሓደ ሰብ ጥራሕ ዝቕመጥ ኮይኑ ካብ ዝተፈቐደ ዓቕሚ ምፅዓን 50% ጥራሕ ክፅዕኑ፡ ኣገልግሎት

ባጃጅ ዝሀብ ሰብ ማስከን ጓንቲ ኢድን ክጥቀም፣ ሳኒታይዘር ክዳለ፣ ሓደ ሰብ ጥራሕ ክዕዕን ግቡእ እለዎም፤

26) ዝኾነ ሰብ ኣብ ደገ ይኹን ኣብ ትካል ዝሀልዎ ምንቅስቓስ ካብ ካልኦት ሰባት እንተንኣሰ ብሓደ ሜትር ክርሕቕ ኣለዎ፣

27) ናብ ዝኾነ ከተማ፣ ቦታ፣ ከባቢ፣ ትካል ወይ ቀፅሪ ብስሩዕ ካብ ዝተኸፈተ መእተውን መውፅእን በሪ ምእታው ወይ ምውፃእ ኣይፍቀድን፣

28) ኣብዚ ዓንቀፅ ካብ ንኡስ ዓንቀፅ (1) ክሳብ ንኡስ ዓንቀፅ (28) ዝተቐመጡ ድንጋገታት እንተሃለዉ እውን ግብረ-ሓይሊ በቢ እዋኑ ናብ ኮማንድ ፖስት ብዘቕርቦ ውሳነ ሓሳብ መሰረት ግቡኣት ክችነስ፣ ካልኦት ተመሳሳሊ ትሕዝቶ ዘለዎም ተወሰኽቲ ግቡኣት ክውሰኹ ክውስን ይኽእል፣

29) ኮማንድ ፖስት መኸተ ኮረናቫይረስ ኣብዚ ዓንቀፅ ካብ ንኡስ ዓንቀፅ (1) ክሳብ ንኡስ ዓንቀፅ (28) ንዝተቐመጡ ኮነ ንዝውሰኹ ካልኦት ግቡኣት ንኣፈፃፅማ ብዝጥዕም መንገዲ ዝርዝር መብርሂ ዝሓዘ መምርሒ የውፅእ።

### 6. በዚ ድንጋገ ዘይግደቡ መሰላት

እዚ ድንጋገ ህፁፅ እዋን ኣብ ዝፍፀመሉ ግዜ ብመሰረት ሕገ መንግስቲ ፌደራል ዓንቀፅ 93 ንኡስ ዓንቀፅ (5) ፊደል (ሐ) ከምኡ እውን ተመሓይሹ ዝወፀ ሕገ መንግስቲ ብ/ክ/መ/ትግራይ ዓንቀፅ 103 ንኡስ ዓንቀፅ (4) ብድንጋገ/ኣዋጅ ህፁፅ እዋን ዘይጥሓሱ መሰላትን ድንጋገታትን ኣይንክእን።

## ክፍሊ ሰለስተ
## ምጥያሽ ኮማንድ ፖስት መኸተ ኮረናቫይረስ

### 7. መጥያሽ ኮማንድ ፖስት

ነዚ ድንጋገ ህፁፅ እዋን ዘፈፅም ብርእሰ ምምሕዳር ዝምራሕ ዝስዕቡ ኣባላት ዝሓዘ ኮማንድ ፖስት መኸተ ኮረናቫይረስ በዚ ድንጋገ ተጣይሹ ኣሎ፣

ሀ) ርእሰ ምምሕዳር፣

ለ) ሓላፊ ክላስተር ፍትሕን ሰናይ ምምሕዳርን ክልል፣

ሐ) ሓላፊ ቢሮ ልምዓት ከተማ፣ ንግድን ኢንዳስትርን ክልል፣

መ) ሓላፊ ቢሮ ጥዕና ክልል፣

ረ) ሓላፊ ቢሮ ፀጥታን ምምሕዳርን ክልል፣

ሰ) ሓላፊ ቢሮ ፍትሒ ክልል፣

## 8. ስራሕን ሓላፍነትን ኮማንድ ፖስት

1) ንድንጋገ ህፁፅ እዋን ብላዕለዋይነት ይመርሕ፣ የፈፅም፣
2) ንኣፈፃፅማ እዚ ድንጋገ ግብረ-ሓይሊ የጣይሽ፣ ኣባላትን ስርሕን ሓላፍነትን ይውስን፣ ኣካቢ ይስይም፣ ትልምን ኣፈፃፅማ ስራሕን ይግምግም፣ መምርሒ ይህብ፣
3) ብመሰረት ካብ ግብረ-ሓይሊ መኸተ ኮረና ቫይረስ ዝቐርበሉ ውሳነ ሓሳብ ኣድላይነትን ኣፈፃፅማን እዚ ድንጋገ ህፁፅ እዋን በቢ ክልተ ሰሙን እናገምገመ ምቁራፅ ወይ ምቕፃል እዚ ድንጋገ ህፁፅ እዋን ውሳነ የመሓላልፍ፣
4) ስራሕን ሓላፍነትን ሴክሬታርያት መኸተ ኮረናቫይረስ ይውስን፣
5) ንኣፈፃፅማ እዚ ድንጋገ በቢ ብርኩ ምጥያሽ ኮሚቴታት መኸተ ኮረና ቫይረስ የረጋግፅ፣
6) ኣብዚ ህፁፅ እዋን ዘድሊ ቀረብ ሎጅስቲክስ፣ ምውፋር ሓይሊ ሰብ፣ ስምሪት ኣካላት ፀጥታ፣ ስርዓት ኣሰራርሓ ይውስን፣
7) ኣፈፃፅማ ስርሑ ገምጊሙ ኣራሚ ስጉምቲ ይወስድ፣
8) ርእሰ ምምሕዳር ዐብዓብ ኣፈፃፅማ ስራሕ ኮማንድ ፖስት ናብ ቤት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ የቕርብ፣

## 9. ግቡእ ኮማንድ ፖስት መኸተ ኮረናቫይረስ

ኮማንድ ፖስት መኸተ ኮረናቫይረስ ብመሰረት እዚ ድንጋገ ሽም ዝርዝር ኣብ ትሕቲ ቁፅፅር ዝውዓሉ ሰባትን ዘለዉሉ ቦታን ንመርማሪ ቦርድ የፍልጥ።

# ክፍሊ ኣርባዕተ

## ምክልኻል፣ ምፅራይ፣ ክይዲ ክስን ፍርድን ገበን

## 10. ግደ ኣካላት ፀጥታ

1) ኣካላት ፀጥታ ብኽልእት ሕግታት ዝተውሃቦም ግቡእን ሓላፍነትን ሕልው ኮይኑ ንኣፈፃፅማ እዚ ድንጋገ ህፁፅ እዋን ዝተቐመጡ ግቡኣትን ሕጋዊ ስጉምታትን ክፈፅሙ ሓላፍነት ኣለዎም፣

2) ሓደሽቲ ተጠርጠርቲ ወይ ተኸሰስቲ ወይ ፍርደኛታት ኣብ ውሽጢ ካብ ዝፀንሑ ተጠርጠርቲ ወይ ተኸሰስቲ ወይ ፍርደኛታት ተፈልዮም ክቕምጡ ኣለዎም።

## 11. ክይዲ ምፅራይን ክስን ገበን

1) በቢ ብርኩ ዘለዋ ኣብያተ ፅዮ ፖሊስን ፍትሕን ኣብዚ ድንጋገ ህውፅ እዋን ዝተቐመጠ ግቡእ ብምትሕልላፍ ወይ ምስ 'ዚ ተደራቢ ዝኾነ ተግባር ገበን ንዝፈፀመ ሰብ ብስሉጥ ዘፃሪ ፖሊስን ክይዲ ክሲ ዝክታተል ዓቃቢ ህግን ብፍሉይ ይምድብ፣
2) ክይዲ ምፅራይን ክስን ገበን ብመሰረት እዚ ድንጋገ ህውፅ እዋንን ሕጊ ስነ ስርዓት ገበን ኢትዮጵያን ይፍፀም፣

## 12. ክይዲ ፍርዲ

በቢ ብርኩ ዘለዋ ኣብያተ ፍርዲ ብመሰረት እዚ ድንጋገ ህውፅ እዋን ንዝቐርብ ክሲ ገበን ብስሉጥ ዝዳኒ ዳይና ወይ መጋባእያ የጣይሽ።

# ክፍሊ ሓሙሽተ

# ዝተፈላለዩ ድንጋገታት

## 13. በጀት ዝምልከት

ንኣፈፃፅማ እዚ ኣዋጅ ዘድሊ በጀት ካብ መንግስቲ ዝምደብ ኮይኑ፣ ካብ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላትን ግዱሳት ውልቀ ሰባትን እውን ክርከብ ይኽእል፣ ነዚ ህውፅ እዋን ዝተመደበን ዝተኣከበን በጀት ኣብ ቢሮ ትልምን ፋይናንስን ብፍሉይ ቁፅሪ ሒሳብ ባንኪ ተታሒዙ ይምሓደር።

## 14.ግደ ግብረ-ሓይሊ፣ ሴክሬታርያት፣ ኮሚቴ መኸተ ኮረናቫይረስ

1) ግብረ-ሓይሊ መኸተ ኮረናቫይረስ ንኣፈፃፅማ ድንጋገ ህውፅ እዋን ዘድሊ መምርሒ ኣዳልዩ ናብ ኮማንድ ፖስት ኣቕሪቡ የፅድቕ፣ ብብርኪ ክልል ዘድሊ ሃፍቲ፣ ሓይሊ ሰብ፣ ፍልጠት፣ ናውቲ፣ መድሓኒታት፣ መፅቖቢ ቦታ፣ ምግቢ፣ ተወሳኺ ዓቕሚ የተኣኻኽብ፣ የመሓድር፣ ዝርዝሩ ኮማንድ ፖስት ህውፅ እዋን ብዘውፅኦ መምርሒ ይውሰን፣

2) ሴክሬታርያት መኸተ ኮረናቫይረስ ንኮማንድ ፖስትን ግብረ-ሓይልን ዘድሊ መረዳእታ የቕርብ፣ ትልምን ሪፖርትን የዳሉ፣ ኣብ ምትእኽኻብን ምምሕዳርን ሃፍቲ ሞያዊ ደገፍ ይህብ፣ ካልኦት ብኮማንድ ፖስት ወይ ግብረ-ሓይሊ ዝውሃብዎ ስራሕቲ ይፍፅም፣

3) ኮሚቴ መኸተ ኮረናቫይረስ ንኣፈፃፅማ እዚ ደንቢ ኣብ ውሽጢ ዝተማየሸሉ ከባቢ ሃፍቲ፣ ሓይሊ ሰብ፣ ፍልጠት፣ ናውቲ፣ መድሓኒታት፣ መዕቖቢ ቦታ፣ ምግቢ፣ ተወሳኺ ዓቕሚ የተኣኻኽብን ብመሰረት መምርሒ ይፍፅምን፣

### 15. ግቡእ ትካላት ሚድያ

1) ኣብ ትግራይ ዝሰርሑ መራኸብቲ ሓፋሽ ካብ ጠቕላላ መደባተን ልዕሊ 50% ኣብ ምክልኻልን ምቁፃፃርን ተላባዒ ሕማም ኮረናቫይረስ ዝምልከት ከገብራ ግቡእ ኣለወን፣

2) ካብ ኮማንድ ፖስት ወይ ግብረ-ሓሊ መኸተ ኮረናቫይረስ ዝውሃብ መግለፂ፣ መልእኽቲ፣ ፃውዒት ወይ ተመሳሳሊ መደብ ከመሓላልፋ ግቡእ ኣለወን፣

### 16. ግቡእ ኣካረይቲ ንብረት

ብሰንኪ ተላባዒ ሕማም ኮረና ቫይረስ ምዕፃው ትካላት ንግድን ካልእን ዘጋጥም እንተኾይኑ ብመሰረት ኮማንድ ፖስት መኸተ ኮረናቫይረስ ዘውፅኦ መምርሒ ክፍሊት ክራይ ንብረት ንዝተወሰነ እዋን ክቕነስ ወይ ክተርፍ ይኽእል።

### 17. ግቡእ ትካላት ሃይማኖት

ትካላት ሃይማኖት ኣብ ምክልኻልን ምቁፃፃርን ተላባዒ ሕማም ኮረናቫይረስ ንተኸተልተን ክምህራ፣ ስርዓት እምልኾ ነዚ ለበዳ ብዘየስፋሕፍሕ መንገዲ ክፈፅማ ግቡእ ኣለወን።

### 18. ኣዋህባ ይቕረታ ተሃንፅቲ

ብሰንኪ እዚ ለበዳ ምፍታሕ ተሃንፅቲ ኣድላይ ኮይኑ እንተተረኺቡ ብውሳነ ኮማንድ ፖስት መኸተ ኮረናቫይረስ ክፍፀም ይኽእል።

## 19. ግቡእ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት

መንግስታዊ ይኹና ዘይመንግስታዊ ትካላት፦

1) ኣብዚ ህፁፅ እዋን ከውሃቡ ዝኽእሉን ዘይኽእሉን ኣገልግሎታት ፈልዮም ንህዝቢ ብዝተፈላለዩ መራኸቢ ማዕኸናት ክፍልጡን ዕሊፎም ክልጥፉን ግቡእ ኣለዎም፣

2) ክቋረፅ ዘይኽእል ኣገልግሎት እንትሃልዩ ብቑሊሉ ብለበዳ ሕማም ኮረናቫይረስ ክጉድኡ ዝኽእሉ ተደራቢ ክቢድ ሕማም ወይ መጉዳእቲ ኣካል ዘለዎም፣ ነብሰ-ፁር ወይ ዘጥቡባ ኣዴታት፣ ብዕድመ ዝደፍኡ ሰራሕተኛታት ተፈልዮም ካብ ስራሕ ንኸተርፉ ብትካል ክፍቀደሎም ይኽእል፣

3) ሕድሕድ ትካል ንመከላኸሊ ተላባዲ ሕማም ኮረና ቫይረስ ዘገልግሉ ከም መሕፀቢ ኢድ፣ ሳኒታይዘር፣ ማስክ፣ ጓንትን ካልኦት ናውትን ንሰራሕተኛታትን ተገልገልትን ከቕርቡን ክጥቀሙን ግቡእ ኣለዎም፣

4) ዝኾነ ዓይነት ኣገልግሎት እንትህባ ኣብ መንጎ ሰራሕተኛታት ነንባዕሎም፣ ኣብ መንጎ ሰራሕተኛታትን ተገልገልትን፣ ኣብ መንጎ ተገልገልቲ ነንባዕሎም እንተነኣሰ ሓደ ሜትር ተፈናቲቶም ክቕመጡን ክግልገሉን ክገብሩ ግቡእ ኣለዎም፣

5) ቢሮ ኮንስትራክሽን፣ መንገድን መጓዓዝያን ኮድ-3 ዝኾና መካይን ኣብ ከተማ ኣገልግሎት መጉዕዓዝያ ህዝቢ ክህባን ንከተማ መጓዓዝያ ዝምልከት ሓዱሽ ታሪፍ ከውፅእን ይኽእል፣

## 20. ግቡእ ምትሕብባር

ዝኾነ ሰብ፣ መንግስታዊ ኮነ ዘይመንግስታዊ ኣካል ብመሰረት እዚ ድንጋገ ህፁፅ እዋን ብኮማንድ ፖስት፣ ግብረ-ሓይሊ፣ ኮሚቴ መኸተ ኮረናቫይረስ፣ ኣካላት ፀጥታን ፍትሕን ዝውሃብ ውሳነ ህፁፅ ግዜ ክፍፅምን ክትሓባበርን ግቡእ ኣለዎ።

## 21. ተሓታትነት ገበን

1) ኣብ ስሩዕ ሕግታት ዝተደንገገ ተግባር ገበንን ተሓታትነትን ሕልዉ ኮይኑ ኣብዚ ድንጋገ ህፁፅ እዋን ዝተቐመጡ ናይ ምፍፃም ግቡእ ወይ ናይ ምትሕብባር ግቡእ ወይ ዝውሃቡ ውሳነታት ወይ ስጉምታት ዘየኽበረ ወይ ዝተጥሓሰ ሰብ ክሳብ ክልተ ዓመት ዝበፅሕ እስራት ይቕፃዕ፣

2) ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) ዝተፈፀመ ገበን ብትካል እንተኾይኑ ነቲ ገበን ዝፈፀመ ወይ ዝተሳተፈ ሰብ ብእስራት ዝተቐመጠሉ ቅፅዓት ሕልው ኮይኑ እቲ ትካል ክሳብ ክልተ ሚእቲ ሽሕ ብር ክቕፃዕ ይኽእል፤

3) ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (2) ዝተደንገገ ሕልው ኮይኑ ኣፈፃፅማ እቲ ገበን ክቢድ እንተኾይኑ ፍቓድ ንግዲ ትካል ክሳብ ክልተ ዓመት ክእገድ ይኽእል፤

4) ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) ዝተፈፀመ ገበን ኣብ ተሸከርከርቲ እንተኾይኑ ነቲ ገበን ዝፈፀመ ወይ ዝተሳተፈ ሰብ ብእስራት ዝተቐመጠሉ ቅፅዓት ሕልው ኮይኑ መዘወሪ ፍቓዱ ክሳብ ክልተ ዓመት ክእገድ ከምኡ እውን ፍቓድ ንግዲ ገበን ዝተፈፀመላ ተሽከርካሪት ክሳብ ክልተ ዓመት ክእገድ ይኽእል፤

5) ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) ዝተፈፀመ ገበን ብብዓል ሞያ እንተኾይኑ ብእስራት ዝተቐመጠ ቅፅዓት ሕልዉ ኮይኑ ካብ ስርሑ ይባረር፤

6) ብመሰረት እዚ ድንጋገ ህፁፅ እዋን ብገበን ጥፍኣተኛ ኮይኑ ዝተረኽበ ብዓል ሞያ ካብ ስርሑ እንትባረር መሰል ይግብኣኒ ኣይብሉን፤

## 22. ተፈፃምነቶም ዘተኣገዱ ሕግታት

ንኣፈፃፅማ እዚ ድንጋገ ህፁፅ እዋን ዝፃብኡ ኩሎም ሕግታት እዚ ድንጋገ ኣብ ስራሕ ኣብ ዝፀንሐሉ እዋን ተኣጊዶም ይፀንሑ።

## 23. ስልጣን ምውፃእ ደንብን መምርሕን

1) ቤት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ እዚ ድንጋገ መፈፀሚ ደንቢ ከውፅእ ይኽእል፤

2) ኮማንድ ፖስት መኸተ ኮረናቫይረስ ብመሰረት እዚ ድንጋገ ህፁፅ እዋን ወይ ኣብ ቀፃሊ ከወፅእ ንዝኽእል ደንቢ መፈፀሚ መምርሒ የውፅእ፤

## 24. እዚ ድንጋገ ዝፀንዐሉ እዋን

1) እዚ ድንጋገ ህፁፅ እዋን ብቤት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ ካብ 17 መጋቢት 2012 ዓ.ም ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸውን፤

2) ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) ዝተጠቐሰ ሕልው ኮይኑ ኣብዚ ድንጋገ ዓንቀፅ 5 ንኡስ ዓንቀፅ (8) ዝተቐመጠ ኣብ ውሽጢ ትግራይ ዝህሉ ክልክላ ካብን ናብን ምንቅስቓስ ሰባት ዝምልከት ካብ 19 መጋቢት 2012 ዓ.ም ጀሚሩ ተፈፃሚ ይኸውን፤

3) ብመሰረት ካብ ኮማንድ ፖስት መኸተ ኮረና ቫይረስ ዝቐርበሉ ውሳነ ሓሳብ ቤት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ ነዚ ድንጋገ ህፁፅ እዋን ብኸፊል ወይ ብሙሉእ ኣብ ዝኾነ እዋን ከቋርፆ ይኽእል፣

4) እዚ ድንጋገ ህፁፅ እዋን ብመሰረት ዓንቀፅ 103 ንኡስ ዓንቀፅ (2) ተመሓይሹ ዝወፀ ሕገ መንግስቲ ብ/ክ/መ/ትግራይ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልታት ናብ ቤት ምኽሪ ክቐርብ ኣለዎ፣

5) ርእሰ ምምሕዳር ድንጋገ ህፁፅ እዋን ዝወፀ ምኽንያት ብመራኸብቲ ሓፋሽ ንህዝቢ ዕላዊ ይገብር።

**ዶ/ር ደብረፅዮን ገብረሚካኤል**

**ም/ፕሬዚደንት ብ/ክ/መ/ትግራይ**